**EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA,**
**Pretoria, South Africa**

ዕለት፡ 26-05-2014
Ref፡ EESA/AMB/LETT/048/14

ናብ፡ ኣገልግሎት ዜና ሚ/ዜና-ኣስመራ

ጉዳይ- ጸብጻብ በዓል ናጽነት 2014 ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ዞባ ደ/ኣፍሪቃን

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዜጋታት ንመበል 23 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ 24 ግንቦት 2013፡ "ንርህው ጽባሕ ሎሚ ንሰራሕ!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብኽብ ዝበለ ድምቀት ጸንቢሎም። ኣብቲ ብዕለት 24 ግንቦት ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ ዝተኻየደ ውዕዉዕ ስነ-ስርዓት፡ ብደ/ኣፍሪቃውያን ስነ-ጥበበኛታት ጉጅለ ባህሊ "Soweto Opera Quadro" ደሚቑ፡ ልዕሊ 300 ኣብ ዝተፈላለዩ ኣውራጃታት ደ/ኣፍሪቃ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ፈተውቲ ኤርትራ፡ ናይ ክብሪ ጋሻ፡ ክብርቲ ፎውዚያ ሃሽም፡ ሚኒስተር ፍትሒ ኤርትራ፡ ኣምባሳደር ሳልሕ ዑመርን ኣባላት ኤምባስን ኣባላት ማሕበረ-ኮም ደ/ኣፍሪቃን፡ ኣጋይሽ ዲሎማሰኛታትን ካልኦት ፈተውቲ ኤርትራ ዝኾኑ ኣፍሪቃውያንን ተረኺቦም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃን ኣቶ ሳልሕ ዑመር ነቲ በዓል ዝምልከት ወግዓዊ ቃል ኣስሚዑ። ኣብ መግለጺኡ ንተሳተፍቲ ዮሃና ድሕሪ ምባል፡ ንናጽነት ምስቲ ዝተኸፍለላ ብምንጽጻር ዝዳረጋ ማዕረግ ክብሪ ከምዘይብላ፡ ሓርነትናን ናጽነትናን ስለቲ ዝኸፈልናሉ ከቢድ መስዋእቲ ናይ ኣስታት 90 ሽሕ ሓርበኛታት ህይወት ጥራይ ዘይኮነ፡ ሚዛኑን ክብረቱን ብኡ ኸኣ ክብረትና በቲ ንምሕብሓቡን ንምስሳኑን ዘካየድናዮን ነካዮዶ ዘለናን ሓያል መኸተ፡ ዓመት-ዓመት ክብሪ እናወሰኸ ክመጽእ ምጽንሑ ዘሐብንን ዘቕስንን ፍሉይ ተርእዮ ኢዩ፡ ኢሉ።

ኣስዒቡ ኣምባሳደር ሳልሕ ኣብዛ ረዛን ዕለት ንነብሰ-ሕልናና ምስ ሰማእታትና ክነዘራርባ ብዘየወላውል ከኣ ኣብ ጽኑዕ ማሕላ ምህላውና ደጊምና ክነመስክርን ክንቃልሓሎምን ይግባእ። መዓልቲ ናጽነት ምኽባር ማለት እምበኣር ንስለ ምጽንባል ዘይኮነ ሓድነትካ ብምትራር ኣብ ሃገራዊ መትከልካ ምጽናዕ፡ ወኒ መንፈስካ ምሕያልን ነብስኻ ምምርማርን መብጽዓኻ ምሕዳስን ምግባርን እዩ። ናጽነት ብሽመይ ከም ዝመጸት ርኢና ኣብ ትግባረ መልእኽታ ድኣ ክንከትት ይግባእ'ምበር ንዓኣ ኣሕሊፍካ ምሃብ ዓገብ! ክንብሎ ይግባእ፡ ብምባል ኣዘኻኺሩ።

ብተወሳኺ ኣምባሳደር ሳልሕ ብታሪኽን ኣህጉራዊ ውዕላትን ብመስዋእትና ዝተረጋገጸ ሉኣላዊ መሬትና ድሕሪ ዝተሓላለኸ ውዲታት ብዘየወላውል ሕጋዊ መስርሕ ዳግም ተበይኑ ክነሱ፡ ሉኣላዊ መሬትና ብስርዓት ወያነ ተወሪሩ ተታሒዙ'ሎ። ውህደትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ንምዝራግን ንምልሕላሕን ዝካየድ ፖለቲካዊ ሽርሒታትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናትን መልክዕ እናቐያየረ ቀጺሊ'ዩ። ቁጠባ ሃገር ንምዕናውን ህዝቢ ንምስቓይን ዝካየድ ቁጠባዊ ኩናትን ሽርሒታትን ምስ ግዜ እናዛየደ ክኸይድ ጸኒሑን ኣሎን። ሓቂ ንምዕባጥ ዝመሃዙ ሓሶታትን ጠቐነታትን ኮነ ዝህቀን ዲፕሎማስያዊ ከበባ ቐጺሊ'ዩ። ናይ ምክልኻል መሰልን ዓቕምን ህዝቢ ኤርትራ ንምቕያድን ንምድኻምን ዝሓለፈ ዘይሕጋዊ ድርብ እገዳታት ኣብ ቦትኡ'ሎ።

መንግስቲ ኤርትራ ንባህሊ ስራሕ ከም ቐንዲ እምነ ኩርናዕ ምዕባለ ብምውሳድ ኣብ ኣዝዩ ገዚፍ ወፍሪ ዝሓትት ሓያል ዓበይቲ መደባት ተጸሚዱ ይርከብ። ምዕባለን ቐጻልነትን ሓደ ሃገር ብዕዮን ዓይነትን ብዝህቦ ክብሪ'ዩ ዝውሰን። እዚ ድማ ቁጠባዊ

ዕብየት ምውሓስ ናብ ጎደና ዕብየትን ብልጽግናን ስለ ዘሰጋግር ምዕባለን ቐጻልነትን ሃገር ብኡ መጠን'ዩ ዝዕቀን። ስለዚ እዚ ፍትወት ስራሕን ተወፋይነትን ተደሚሩ፡ ኤርትራ ኣብ በሪኽ ገስጋስ ልምዓት ኣደይብዋ ከም ዝርከብ ጠቒሱ።

ቀጺሉ ኣምባሳደር ሳልሕ ናይሎም'ዘበን ወርሒ ግንቦት 24 ማለት መበል 23 ጽንብል ብዓል ናጽነትና ምስቲ ንገጽን መልክዕን ኤርትራ ንምቕያር ዝካየድ ዘሎ ጽምዶ ልምዓት ተኣሳሲሩ ይብዓል ምህላዉ ናብቲ ተሊምናዮ ዘለና ዕላማ ንምብጻሕ ንዘለና ሓያልን ብቕዓትን ዘረጋግጽ'ዩ። ብልዑል ህዝባዊ ተሳትፎ ዝካየድ ዘሎ ሰፊሕ ማእቶታዊ ንጥፈታት ንጹር ራኢናን ጥሙር ኣወዳድባን ከምዘለና ጥራይ ዘይኮነ ስራሕ፡ ሞያ፡ ጥበብን ትምህርትን ንክብረትን ራህዋን ዘረጋግጹ ሓይልና ምዃኖም ዘነጽር'ዩ። ናይ ሎምዘበን ቴማ "ንርህው ጽባሕ ሎሚ ንስራሕ" ዝብል ጭርሖ ዝሓንገጥና ኣብ ስራሕ ዘሎ ክብርን ጽባሕ ዝፈጥሮ ራህዋን ኣሚቱ ዓጸፋ ክንሰርሕ ዝድርኽ ብምዃኑ ኢዩ። ስለዚ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ኣብ ቁጠባዊ ወፍሪ ተሳትፍኡ ከዕቢ በቲ ሓደ፡ ሓድነቱ ዓቺቡ ንዝመጽእ ተጻብኦታት ብውህደት ንምምካት ድማ በቲ ካልእ ውዳብኡን ዓቕሙን ምሕያል ከምዘድሊ ከዘኻኽር እፈቱ፡ ኢሉ።

ኣተሓሒዙ ኣምባሳደር ሳልሕ፡ ናጽነት ነዚ ዘሎ ወለዶ ሓደ ክስገር ዘይብሉ መልእኽቲ ከምዘለዋ ብምዝኽኻር፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ደ/ኣፍሪቃ ሓድነቶም ኣደልዲሎም ጥርናፊኦም ኣወዳድባኦምን ብምሕያል፡ መነባብሮኦም ኣብ ምምሕያሽን ኣብ ህንጸት ሃገር፡ መኸተ፡ ልምዓትን ወፍሪን ሃገር ብዝለዓለ ንኽዋስኡ ብምልባው፡ ኤምባሲ ከም ወትሩ ኣብ ጎድኖም ኮይኑ ስሉጥ ኣገልግሎትን ደገፍን ብምሃብ ከም ዝተሓባበሮም ቃል ኣትዩ።

ኣብ መወዳእታ መደርኡ ኣምባሳደር ሳልሕ ዮሃና ርሑስ በዓል መበል 23 ናጽነት ኤርትራ ድሕሪ ምባል፡ ነዚ ረዚን ዕለት ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ኩለን ከባቢታት ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃን በቲ ዝግብኦ ክብሪ ንኽበዓል ክቡር ግዝየኦም ወፍዮም ብጉልበትን ሓሳብን ንዋትን ንዝጸዓሩ ሓለፍትን ኣባላትን ማሕበረ-ኮም፡ ሽማግለ መኸተ፡ ማሕበር ደቐንስትዮ ማ/መንእሰያት ህግደፍ ካልኦት ግዱሳት ውልቀ ሰባትን ኣባላት ኤምባስን ከምኡ'ውን ነዚ በዓል ንምምዕራግ ዘዘናግዑና ስነ-ጥበበኛታት ደቡብ ኣፍሪቃ ጉጅለ "Soweto-Opera Quadro" ብስመይን ብስም ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ልዑል ምስጋና ኣቕርብ፡ ኢሉ።

ኣብቲ ብናይ ድራር እንግዶትን ድሙቕ ጓይላን ምቹራስ ቶርታን ምርኢት ጉጅለ ባህሊ Soweto-Opera Quadroን ተሰኒዩ፡ ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ሓያል ወንን ዝተኻየደ ጽንብል፡ ንኤርትራውያን ስፖርተኛታትንን ነታ ኣብ ምሕዝነታዊ ግጥም 4 ጋንታታት ማሕበረኮማት፡ ኤርትራ፡ ኣንጎላ፡ ደ.ረ.ኮንጎን ሱዳንን ኣብ ደ/ኣፍሪቃ 1ይቲ ኮይና ንዝተዓወተት ጋናታ ኩዕሶ-እግሪ ማሕበረ-ኮም ኣንጎላን፡ 2ይቲ ኮይና ንዝወጸት ጋንታ ማ/ኮም ኤርትራን ዝተዳለወ ዋንጫታት፡ ብናይ ክብሪ ጋሻ ሚኒስተ ፎውዚያ ሃሽምን ኣምባሳደር ሳልሕን ተዓዲሉ። ነቲ በዓል ዘንጸባርቑ ግጥምታትን መግለጺታትን ብቛንቛታት ትግርኛን እንግሊዝኛን ቀሪቦም።

ነቲ በዓል ንምድማቕን ዕዉት ንምግባሩን ብኣባላትን ኣካየድትን ሽማግለታትን ማሕበረ-ኮም፡ ሽማግለ መኸተ፡ ጠርነፍቲ ሃማደኤ ጨ/ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ካልኦትን ልዑል ናይ ጉልበት፡ ግዜን ንዋትን ገንዘብን ወፈያታት ተኻዪዱ። ብተወሳኺ ንታሪኻዊ ጽንዓት፡ ተወፋይነትን ዘይተበርካኽነትን ከምኡ'ውን ክቢድ መስዋእትን ህዝቢ ኤርትራ እትውክል፡ ቅብኣ ታሪኻዊት ከተማ ናቕፋ ንጨረታ ቀሪባ። ኣብ ደ/ኣፍሪቃ ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋ ኣቶ ብረኸት ስለጽዮን ምስ በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ገነት ያዕቆብ

ብ23,000.00 ራንድ ደ/አፍሪቃ (ኣስታት 2,300.00 ዶላር ኣሜሪካ) ተዓዊቶም፣ ኣታዊኣ ድማ ንመማዕበሊ ማሕበረ-ኮም ደቡብ ኣፍሪቃ ዝውዕል ኢዩ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ መበል 23 ዓመት ጽንብል መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ "ንርህው ጽባሕ፡ ሎሚ ንስራሕ!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ኣንጎላ፡ ዛብሚያ፡ ዚምባብወ፡ ናሚብያን ብክብ ዝበለ ድምቀት ተባዒሉ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ኤ/ሃ/ኤርትራ
ደ/ኣፍሪቃ-ፕረቶርያ

1281 Cobham Road
Queenswood, 0186
Pretoria

Tel: +27-12-333-1302
Fax: +27-12-333-2330
e-mail: eremb@lantic.net

PO Box 11371
Queenswood, 0121
Pretoria